## *ዝነደቕካዮ ገዛ ምጽባቑ እምበር ምፍራሱ ንናይመን ረብሓ?*

***ሃገር፡*** *ወዲ ሰብን ዓለምን ክሳብ ዘለዉ ዘይትሽየጥ፡ ዘይትልወጥ፡ ዘይትልቃሕ፡ ዘይትካረ ናይ ኩሎም ዜጋታታ ዋንነት እያ። እንተዓቢራ ዝዓብሩላ፡ እንተበልጺጋ ዝብልጽጉላ፡ እንተ ተደፊራ ዝከላኸሉላ፡ እንተተወሪራ ዝዋግኡላ፡ መዕቆቢትን ጽላል ኩሎም እያ። ሃገር ከምቲ ሓንቲ ስድራቤት ገዝኣ ምስ ዝነቅዕ ዝጽግኑዋ፡ ሕብራ ሃሲሱ ዝቐብኡዋ፡ ማይ ክይልሑኽ ዝኸድኑዋ/ዝድብድቡዋ፡ ፍልሖ ወይ ቁንቁን ክይትንክፋ ዝፍዉሱዋ ኮምኡ ክንክን የድልያ። ህዝቢ ናይ ሓንቲ ሃገር ከም ሓንቲ ስድራ ቤት እንተወሰድናዮ ገዛ ናይዛ ስድራ ጸባብ ወይ ገፉሕ፡ ጽብቕቲ ወይ ክፍእቲ ክትከውን ትኽእል፡፡ ኣብ ኩርኳሕ ወይ ኣብ ሉሙጽ፡ ኣብ ዝበረኸ ወይ ለጠቕ ዝበለ ዝተደኮነት ክትከውን ትኽእል። እቶም ኣብኣ ዝነብሩ ስድራ ንመልከዓ ይኹን ነቀማምጥኣ፡ ንምግፋሓ ይኹን ምጽባባ፡ ወዘተ---፡ ዝተፈላለየ ኣረኣእያ ክህልዎም ንቡር እዩ። እቲ ዘይንቡር ግን ገለ ካብኦም ሙኽኑይ ብዘይኮነ ሓሳብ ነታ መንበሪቶም ዝኾነት ገዛ ንምፍራሳ ዝቖንኣላ ኀረቤት ዓዲምካ ከተቕስላ ውዲት ምግባር እዩ።*

*ህዝብታት ምስ ሃገሮም ዘለዎም ምትእስሳር ተመሳሳሊ ይኹን እምበር፡ ሓደ ዓይነት እዩ ኢልካ ዝዝረበሉ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ገለኤን ሃገራት፡ ሃገር ንክኾና ብዙሕ መስዋእቲ ዝተኸፍለን ስለ ዝኾና። ኣብ ከምዜን ዝኣመሰላ ሃገራት ዝነብሩ ሰባት ቀዳምነት ክህብዎ ዝግብኦም ጥዕና ሃገር ብኹሉ መዳያቱ ከውሕሱ ይግባእ። ደቂ ሰባት ብባህርያትና ሓደ ዓይነት ድሌት ስለ ዘይብልና፡ እቲ ኣብ ሃገረይ እዚ ጎዲሉኒ (መሰል) እንብሎ ምስ ዋጋን ክብርን ሃገር ከመዛዘን ኢልካ ስለ ዘይሕሰብ፡* ***ኮሪኻ*** *ነታ ደንበ ኩሉ ዝኾነት ሃገርካ ብማሕረሻ ኣይትተናቑሓን ኢካ። ብኻልእ ኣዘራርባ ነደኻ ዳና ዓዲምካ ንክትፈግኣ እምኒ ኣይትድርብየላን ኢኻ።*

*ሃገርና ኤርትራ ከም ኩለን ሃገራት ዓለም፡ ሃገር ንኽትከውን ዘሕለፈቶ ታሪኽ ኣሎ ክንብል ንኽእል እኳ እንተኾና፡ ግን ካብ* ***ዳርጋ ኣዝየን ኣዝየን ውሑዳት*** *ገዲፍካ መዋዳድርቲ ዘይርከቦ ኣዝዩ ጽንኩር እሞኸኣ ነዊሕን ተደጋጋምን ናይ ብዙሓት ሂወት ዝወሰደ ቃልሲ ምንባሩ ኣብ ታሪኽና ይኹን ታሪኽ ዓለምና ተመዝጊቡ እዩ። ታሪኽና እንታዩ ፍልዩነቱ ንዝብል ሕቶ ብኣና ብኤርትራውያን በቶም ኣውረስቲ ክሕተት ዘይግብኦ፡ ግን ንካልኦት ሓተቲ መለስቲ ኮና ታሪኽና ከነፍልጦም ኣብ ኣእሙሮናን ኣእሙሮ ደቅናን ደቂደቅናን ቀዳማይ ቦታ ሂብና ክንቀርጾ ይግብኣና። ታሪኹ ዘይፈልጥ ወለዶ ዝኸዶ ጉዕዞ ጸልማት፡ ብዝኾነ ዝኸሰብ ምኽኑ ዘዛርብ ኣይኮነን። ንዘሎና ቅኑዕ ታሪኽ ብኹፉእ ሓሊፍና ኣብ ጽቡቕ ከምዝበጻሕና፡ ነቲ ጽቡቕ ክንዕቅቦ እንተዘይኪኢልና ኣብ ክፉእ ክንምለስ ከምንኽእል ንጹር ክይ ቆራረጽና፡ ክይ ኣጸባበቕና፡ ዝነበሮ ኣሉታውን ኣዎንታውን ከነዘንቱ ኣሎና። ታሪኽና ከም ብላፒስ ተጻሒፉ ብመደምሰስ ዝድምሰስ ኣይኮነን።ብደም ዝተሰነደ ስለ ዝኾነ።*

*ቕንዕናን ትንኩልናን፡ ቅንእን ስስዐትን፡ ምስ ደቂ ሰባት ዝተፈጥራ እያብ እየን፡፡ ነየነይተን ትሓሪ ግን ናይ ነብሲወከፍ ምርጫ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ብባህርያቱ ቅኑዕን ለዋህን እዩ።*

*ብዙሕ ግዜ ብሰንኪ እዘን ክልተ ጠባያት ብጻላእቱ ተበዲሉ እዩ። ስነጥበባዊ በረኸት መንግስትኣብ " ጽቡቕ ግብረይ ካብ ኮነ ሰበበይ" ትብል ተፈታዊትን ኣብታ ዝደረፈላ ግዜ ንተግባራት ጃንዳ ትገልጽን፡ ንልውህናን ግርህናን ህዝብና ብልክዕ ትነግር ደርፊ ኩሉ ግዜ ተዘካሪት ትገብራ። ከምቲ ኣብ ላዕሊ ጠቒሰዮ ዘሎኹ ነየናይ ትምራጽ ግላዊ ኮይኑ፡ ኣብ ስርናይ ክርዳድ ኣሎ ከም ዝበሃል፡ ካብ ብሉጽ ህዝቢውን ሕማቓት ጌጋ ዝመርጹ ስለ ዘይተሳእኑ፡ ካብ ውሽጥና እዚኦም ዓይነት ሰባት ንጎረቤት ሓግዞና ኢሎም ንሃገርና ከቕሱሉ ዘዕገርግሩ ኣለዉ። ኣብዚ ዝሓለፈ 29 ዓመታት ብሃይማኖትን፡ ዝተፈላለየ መልክዓት ጸረ ሃገርና ክንቀሳቀሱን ክፈሽሉን ጸኒሖም እዮም። ቀጺሎም በውራጃውን ዓዳውን ኣግኣዝያናውን፡ ሕጂ ከኣ ጸረ ኢደ ጀጋኑ ሳዋ ጸለመን ፈኸራን ዝብልዎ ጠፊእዎም ኣሎ። ዝገብር ነዲኡ ነይነግር ከም ዝበሃል ኣብ ናይ ዕሱባት መራኸቢ ብዙሃን ተገቲርካ ሳዋ ከነዕጽዋ ኢና። ኣነኳ ክትጅመር ከላ ተቓዊመያ ኔረ ዝሰምዓኒ ሲኢነ እምበር ዝበሃል ፈኸራታት፡ ንበሃሊኡ ውርደት፡ ንደቂ ሳዋ መስሓቕ፡ ንህዝብና ድማ ወዮም ዘድንቆም ዝነበሩ ግለት ምኻኖም በሪሁሉ። ዝቐበጸን ዝሰኣንን ሓደ ከምዝበሃል እዞም ብሰንኪ ኩፉእ ተግባራቶም ንሕና ካብ ዘይንህልወላ ትፍረስ ዝብሉ ዘለዉ፡ ሃገር መን ኮይና እያም ክትፈርስ! ተጻባእቲ ቁጽሪ ኣጻብዕቲ፡ ሃነጽትን ተኻላከልተን ሚልዮናት።።*

*ነባሪ ዝኽሪ ንሰማእታትና*
*ዓወት ንሓፋስ*
*ገብረንጉስ መስመር*